ናብ  ኣዳላዊት ሽማግለ መበል 25 ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ, ካሰል

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን, ዕዱማትን ተኻፈልትን ፈስቲቫል ካሰል:

ኣቐዲመ እንቛዕ ንመበል 25 ዓመት ፌስቲቫል ካስል ኣብጽሓኩም ይብል።

ኣነ ንመጀመርያ ግዜይ ኣብቲ ዓመት ዓመት ኣብ ካስል ዝካየድ ሰፊሕ ብዓል ፈስቲቫል ኤርትራ, ዝተኻፈልኩ ዓሚ ኣብ መበል 24 ዓመት ፈስቲቫል ምካኑ እዩ::

ኣረመናዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፈጸሞን ገና ውን ዝፍጽሞ ዘሎን ግፍዕታት ተቖጺሩ እኻ ዘውዳእ ኣይኩን እንበር: ኣነ ብኣካል ንዝተቓነፈኒ ማእሰርትን መግረፍትን ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛን ክሳብ ውን ኣካለይ ዘሻደለ ስርዓት ህግደፍ ነዚ ተኻፋላይ ፈስቲቫል ካሰል ክሕብር ብዝተዋህበኒ ዕድል መሰረት: ዓሚ ኣብ ዝተጋብአ ፈስቲቫል “ናይ ዓይኒ ምስክርነተይ” ምሕባረይ ዝዝከር እዩ::

እዚ ኩሉ መከራን ምዓትን ዝወረዶ መንእሰይ ወለዶ: ዝፈትዎም ቤተሰቡን ሃገሩን ራሕሪሑ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዑቕበኛ ኮይኑ ኣብ መደበር ስደተኛታት ከም እኒ ሽመልባ: ዳግማይ ንሓሳረ መከራ ተሳጢሑ ንዘሎ ንምሕጋዝ በብመንገድናን በብክእለትናን ክንሕግዞም ተላብየ ኔረ::

ይዝከረኒ ተጋዳላይ ስዉእ ኢዮብ ብስራት: ኣብ መድረኽ ወጺኡ: ሃየ ነዚ ሓፍትና ትብሎ ዘላ: መርኣያ ተወፋይነትና ብብኽእለትና ኣዋጺና ንሃባ: ብስምና ኸኣ ንመደበር ስደተኛታት ሽመልባ ተብጽሓልና ብማለት ኣዋጺኹም ብሃይለ ወልደሚካኤል ዝሰደድኩምለይ 288,00 ኢይሮ ተቐቢለ ናብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ ብስምኩም ኣብጺሔልኩም ኣለኹ: ብጀካ እቲ ንዓይ ከምዝተቐበሉ ዝሰነዱለይ ብወገኖም ናይ የቐንየልና መልእኽቲ ክሰዱ ምኻኖም ቃል ኣትዮምለይ ኣለዉ::

ኣምላኽ ይባርኽኩም!

ሓፍትኹም

ሄለን ብርሃነ

ሓምለ 2010